

ኢዲቶሪያል
ግንባርቶሮንቶ
ማርች 13፡ 2019

# <u>ይኣክል! ዳግማይ ታሕሪር ስኳር</u> ክትከውን'ያ

**እቲ ኣብ ፈይስቡክ፡ ብተነጸላት ኮነ ብእኩብ ዝውሕጅ ዘሎ ይምሓር ዘብል ጎርፊ፡ ንኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝጽርግፍ ነጥበ መቐይሮ ክኸውን ከም ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።**

**እዞም ኣብ ፈይስቡክ ቀሪቦም፡ ይኣክል! . . . ይኣክል! . . ዝብሉ ዘለዉ ጥዋፋት፡ ኤርትራና ካብ ኢሳያስ ትላቐቐሉ ዳግማይ ታሕሪር ስኳር ንምፍጣር፡ ፈጽሚ ተታሓሒዞሞ ይርከቡ። ነዚ ፈጽሚ፡ ኩላትና ኤረ ክንስመሮ ጸዋዒት ነቕርብ ኣሎና። ስለዝሰመርና ኢና ቅድሚ ሕጂ ቅያታት ዘመዝገብና። ኣብነታት፡**

ፈላሚት ቶጎሩባ / ማርች 15፡ 1964

ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ፡ ንፈለማ ግዜ ምስ ጦር ሰራዊት ናይ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ቶጎሩባ (ባርካ) ብትብዓት ገጢምና፡ 84 ወተሃደራትን መኮንናትን ኢትዮጵያ ቀቲልና፡ ፈላሚት ቅያ ኣመዝጊብና።

ቅያታት ሰምበልን ዓዲ ኳላን / ፈብሩዋሪ 12፡ 1975

ኣብዚ ድርብ ናይ ፈዳይን ስርሒት፡ ብሓደ መዓልቲ፡ ካብ ቤት ማእሰርትታት ሰምበልን ዓዲ ኳላን፡ ኣሳታት 1000 ኤርትራውያን እሱራት ነጻ ዝገበርናላ፡ ናይ ፈዳይን ቅያዊ ስርሒት ኣመዝገብና።

ምድምሳስ ናደው / ማርች 17-20፡ 1988

ኣብ ልዕሊ ናይ ደርግ መናሃርያ ከተማ ኣፍዓበት፡ ብልትዝክሪጋዊ መጥቃዕቲ ፈጺምና፡ ንደርግ መዘና ዘይብሉ ስዕረት ኣውሪድና፡ 3 ናይ ስትራተጂ ሓንጸጽትን ኣማኸርትን ሶቭየታውያን ዝማረኽናሉ ቅያዊ መጥቃዕቲ ፈጸምና።

ይኣክል! ኢሳያስ ይውረድ። / 2019

ይኣክል፡ ናይ ቅያታት ቅያ ክትከውን ኢያ። "<u>ይኣክል! ኢሳያስ ይውረድ</u>" እዋናዊ ጭርሖና ክኸውን ንላቦ። ኩላትና ነዚ ሓጺርን ንጹርን ጭርሖ ኣልዒልና፡ ብሓደ ህርመት ምምራሽ (Synch)፡ ንዳግማይ ታሕሪር ስኈር ዘዐውት ፍቱን ስልቲ'ዩ።

ጎደና ይኣክል ዎ ጎደና ፈይስቡክ፡ ኣብ ኣስመራ ብዕሊ ክስመያን ክመረቓን ቀሪበን'የን። ኣጀኹም ኣጆና።